# ኣብ ዋና ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ክልል ትግራይ ብመፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ዕድላት ኢንቨስትመንት ትምህርቲ፤ጥዕና፤ሆቴልን ቱሪዝምን ክልልና

## ኣመልኪቱ ዝተዳለወ ሓፂር ፅንዓታዊ ፅሑፍ

ጉንበት 2003
መቐለ

## መእተዊ

## 1 ኣድላይነት ናይዚ መፅናዕቲ

ክምዝፍለጥ ኣብ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት  ወይ ብዛዕባ ኢንቨስትመንት እንትንሓስብ እቲ ቐልፍን ቕድሚ ኹሉ ክስራሕ ዝግበኦን መፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ እዩ።ከከምደረጅኡ ደኣ ይፈላለ እምበር መፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ ዘይተኻየደሉ ኢንቨስትምንት ዳርጋ  የለን  ኢልካ ምድምዳም ይከኣል እዩ።እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ  ሃፍቲ ኣብ ዘየብልካ ኢንቨስትመንት ምክያድ ስለዘይከኣል እዩ።እዚ ስለዝኾነ እዩ ድማ ዋና ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት   ክልል ትግራይ ኣብ መፅናዕቲ BPR ኣወዳድብኡ ብምስትኽኻል ጉጅለ መፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ ክጣየሽ ዝተገበረ።

በዚ መሰረት ክሳብ ሕዚ እቲ ናይ ክልል ጉጅለ መፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ  በቢዘርፉ ኣብ ዝገበሮ ዳህሳስ ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ሓፈሻዊ ኣገላልፃ ካብ ምኻን ሓሊፉ ንኣብነት ብሃፍቲ እንስሳ ፤ብመዓድን ወዘተ ሃፋትም ኢና ካብ ምባል ሓሊፉ ብመጠን ይኹን ብዓይነት ምስ ዝርከበሉ ከባቢ ንፁር ዝኾነ መፅናዕቲ ምርካብ ኣይተኻእለን።እዚ ድማ ዘረባ ካብ ምኧን ሓሊፉ በዚ ክሳብ ሕዚ ዘሎ ፅንዓት ገይርካ ናብ ተግባራዊ ልምዓት ወይ  ኢንቨስትመንት ምእታው ዝከኣል ኣይኮነን።

ብኻሊእ ወገን ድማ ንፁር ፅንዓት ዘይምህላውና እምበር ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ገና ዝይተጠቐምናሉ ሰፊሕ ሃፍቲ ከምዘሎ ይእመን። ከምቲ ቕድም ኢሉ ዝተገለፀ ዋላ እካ ዝርዝር ዝበለ መፅናዕቲ ዘድልዮ እንተኾነ ዛጊድ ሓፈሻዊ ስእሊ ክልልና ከሪኣና ዝኽእል ብዝተፈላለዩ ኣካላት ማለት ኣየናይ ወረዳ ብምንታይ ዓይነት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝሐሸ ሃፍቲ ከምዘለዋ ንምንፃር ተኻኢሉ እዩ። ስለዚ እቲ ክሳብ ሕዚ ብዝተፈላለዩ ሴክተራት ዝተኻየደ ፅንዓት ሕዝካ ናብ ሰፊሕ ኢንቨስትመንት ምእታው ስለዘይከኣል እዚ ፅንዓት እዚ ምክያድ ወሳኒን መተካእታ ዘየብሉን እዩ።

ዕላማ -ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ እዚ ዘለካ ሃፍቲ ፈሊጥካ ሰብ ሃፍቲ ካብ ገልታዕታዕን ክሳራን ኣውፂኡ ብፅንዓት ዝተደገፈ ኢንቨስትመንት ንምክያድ እዩ።

## ሀ. ትምህርቲ

ከምቲ ኩላትና እንርድኦ ትምህርቲ ካፍቶም ንዕቤት ሓንቲ ሃገር ኣገዳሲቲ ዘርፍታት ሓደ ስለዝኾነ ኣብ ኢንቨስትምንት እውን ካፍቶም ወሰንቲ ዕድላት ሓደ ክኸውን ከምዝኽእል ኣብዚ ቐረባ እዋናት ዘሎ ምዕባለታት ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ እኹል መረዳእታ እዩ።
ዓሰሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊስና ኣብ እንርእየሉ እዋን ስራሕቲ ትምህርቲ ብሃገር ደረጃ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልልና ምሉእ ብምሉእ መንግስቲ ሽፊኑ ዝሰርሓሉ ኩነታት ምንባሩ ንኹሉ ግልፂ እዩ።

ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብ 2001 ዓ/ም ስሩዕ ጥራዝ ሓበሬታ ብዝብል ቢሮ ትምህርት ኣብዘውፀኦ ጥራዝ ከምዝሕብሮ ብድምሩ 1,132,962 ተመሃሮ ኣብ ዓውዲ ትምህርቲ ከምዝርከቡ ይሕብር እሞ ካብዚኦም 5100 ህፃናት ኣብ መዋእለ ህፃናት ዝመሃሩ 7566 ድማ ብኣማረፂ ትምህርቲ ዝተሓቖፉ እዮም።እዚ ድማ 1,120,296 ዝኣክል ሓይሊ.ሰብ ብስሩዕ ወይ 1ይ-12 ክፍሊ ትምህርቱ ኣብ ምክትታል ይርከብ ኣሎ ማለት እዩ። ይኹን እምበር ብመሰረት ኣብ 1997 ዓ/ም ዝተገበረ ቆፀራ ህዝቢ ናይ ትግራይ ኣብ ትምህርቲ ዕድመ (5-24) ዝርከብ 2 114 878 ከምዝኾነ ይሕብር።እዚ መሰረት ገይርካ እንትረአ እቲ ሕዚ ኣብ ትምህርቲ ዝርከብ ካፍቲ ክመሃር ዝግበኦ 53.6% ስለዝኾነ ገና ምምሕያሽ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ግን ሕብረተሰብ ናይ ምኽፉል ዓቕሙ እንዳተመሓየሸ ስለዝመፀን መንግስቲ እውን ንናይ ኢንቨስትመንት ስራሕቲ ዓብይ ቆላሕታ ህይቡ ነዚ ዘርፊ ዝሕግዙ ፖሊስታትን ስትራተጅታትን ኣውፂኡ ኣድላይ ሓገዝ ምግባር ስለዝጀመረ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብርክት ዝበሉ ሰብሃፍቲ ኣብዚ ዓውዲ ተዋፊሮም ዝሓሸ ትርፊ ዝረኽብሉ ኩነታት ስለዝተፈጠረ ብፍላይ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ መንግስትን ናይ ውልቀን ዝርገሐ ኣብያተ ትምህርቲ ዳርጋ ፍርቂ ብፍርቂ ወይ ድማ እታ ብጆካ ክልተ (ኤስ ኦ ኤስን ኣድቬንትስን) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ብገበርተሰናይ ዝተጣየሻ ኣብያተ ትምህርቲ ዝነበራ ወይድማ ምንም ዓይነት ብውልቀ በዓል ሃፍቲ ዝተጣየሸ ቤት ትምህርቲ ዘይነበራላ ከተማ መቐለ ኣብዚ ሕዚ እዋን ካብ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዘይመንግስታዊ ዝበዝሓሉ ወይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ በዚሐን ዝረኣያሉ ኩነታት እዩ ዘሎ።እዚ ሓሳብ ብዝበለፀ ግልፂ ንምግባር ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ ንርአ።

**በዝሒ ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ መቐለ ብኣንፃር ሳይክል 2001 ዓ/ም**

| ተ.ቑ | ደረጃ ብርኪ | መንግስታዊ | ዘይመንግስታዊ | ድምር | ምኢታዊ(%) | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | መንግስታዊ | ዘይመንግስታዊ |
| 1 | ኣፀደ ህፃናት | 1 | 52 | 53 | 1.9 | 98.1 |
| 2 | ታሕተዋይ 1ይ ብርኪ(1-4) | 10 | 5 | 15 | 66.7 | 33.3 |
| 3 | ሙሉእ 1ይ ብርኪ ዘተኣናግድ(1-8) | 22 | 12 | 34 | 35.3 | 64.7 |
| 4 | ፍሉይ ቤት ት/ቲ | 2 | -- | 2 | - | 100 |
| 5 | 1ይን 2ይን ብርኪ ዘተኣናግድ(1-12) | -- | 13 | 13 | - | 100 |
| 6 | 2ይ ብርኪ(9-12) | 5 | 1 | 6 | 83.3 | 16.7 |
| 7 | መሰናድኦ(11-12) | 1 | -- | 1 | 100 | - |
| **ጠቕላላ ድምር ኣብያተ ትምህርቲ** | | **41** | **83** | **124** | **33.1** | **66.9** |

ፍልፍል:- ዓመታዊ ሪፖርት ነሓሰ 2001 ዓ/ም ቤ/ፅ ክፍሊ ትምህርቲ ዞባ መቐለ

በዚ መሰረት ኣብ መቐለ ዘሎ በዝሒ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣብያተ ትምህርቲ እንተነፃፂርና ናይ ዘይመንግስታዊ ወይ ብውልቀ ሰብሃፍቲ ዝተጣየሻ ኣብያተ ትምህርቲ 63.7 %( 79/124x100) ይሽፍን።ምኽንያቱ ብገበርተሰናይ ዝተጣየሻ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ኣርባዕተ ስለዘይበዝሓ እቲ ዝዓበየ ክፋሉ ብውልቀ ሰብሃፍቲ ስለዝተጣየሻ 79 ተወሲዱ ዘሎ።
እዚ ብኣንፃር በዝሒ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተራእየ ኮይኑ ብኻሊእ ወገን ድማ ማለት ብኣንፃር ፅሬት ትምህርቲ ኣብ እንርእየሉ እዋን ግደ ውልቀ ሰብሃፍቲ ኣብ ዘርፊ ትምህርቲ ኣድላይነቱ ክውስኽ ካብዝገብርዎ ሓደ ዓብይ ምኽንያት እዩ።እቲ ሓደ መዐቀኒ ሽቶ ሚሊንየም (Millennium Development Goal) ትምህርቲ ኮይኑ እዚ ድማ ብሽፋን ጥራሕ ዘይኮነስ ብፅሬት እውን ዝተመጣጠነ ክኸውን ከምዘለዎ ይሕብር።
በዚመሰረት መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ብፌዴራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ሽፋንን ፅሬትን ትምህርት ንምምሕያሽ ዘይተሓለለ ፃዕሪ እንዳገበረ እካ እንተኾነ እቲ ዝድለ ሽፋን ብፍላይ ድማ ፅሬት ትምህርቲ ብመንግስቲ ጥራሕ ክሽፈን ወይ ብዛይካ ናይ ሰብሃፍቲ ተሳትፎ ክመፅእ እዩ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ካብ ምኻን ሓሊፉ ክውንነት ክህልዎ ኣይኽእልን።ስለዝኾነ ናይ ውልቀ ሰብሃፍቲ ተሳትፎ ብጣዓሚ ኣገዳሲ እዩ።

እዚ መበገሲ ሓሳብ መሰረት ገይርካ እንትረአ ኣብ ትግራይ ዘርፊ ትምህርቲ እቲ ዓብይ መማረፂ ኢንቨስትመንት ከምዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሓበሬታ እኹል መረዳእታ እዩ። እዚ ድማ ናብ ኩለን ከተማታት ክስፋሕፋሕ ስለዝግበኦ እቲ ናይ መቐለ ከም መበገሲ ብምውሳድን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን ወይ ኢኮኖምያውን ማሕበራውን ዕቤት ናይዚ ክልል ኣብ ግምት ኣእቲና ኣብዞም ዝቕፅሉ ሓሙስተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ኣብ ዘርፊ ትምህርቲ ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት ንምግማት ኣየፀግምን።
በዚ መሰረት ኣብ ሕድሕድ ከባቢታት ትግራይ ዘሎ ጠለብ ትምህርቲ ምስ ዘድልዮ ብርኪ ትምህርቲ ከምዚ ዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

## 1.1 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -አፀደ ህፃናት

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካል | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | | |
| ደቡብን ደቡብ ምብራቕን | ኣለማጣ | | | 5 | |
| | ኮረም | | | 3 | |
| | መኾኒ | | | 3 | |
| | ጨርጨር | | | 1 | |
| | ኩኩፍቶ | | | 1 | |
| | መስዋእቲ | | | 1 | |
| | ማይጨው | | | 5 | |
| | ዓዲሽሁ | | | 2 | |
| | ሒዋነ | | | 1 | |
| | ዓዲጉዱም | | | 3 | |
| | ሳምረ | | | 3 | |
| | ሃገረሰላም | | | 3 | |
| መቐለ | መቐለ | | | 5 | |
| ምብራቕ | ኣጉላዕ | | | 1 | |
| | ውቕሮ | | | 3 | |
| | ፍረወይኒ | | | 2 | |
| | ኣፅቢ | | | 2 | |
| | ሓውዜን | | | 3 | |
| | ዕዳገ ሓሙስ | | | 2 | |
| | ዓዲ ገራት | | | 4 | |
| | ፋፂ | | | 2 | |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| | ዱሃን | | | 1 | |
| | ብዘት | | | 2 | |
| | ነበለት | | | 1 | |
| ማእኸል | ቖላ ተንቤን/የጭላ | | | 2 | |
| | ዓብይ ዓዲ | | | 4 | |
| | ዕዳጋ ዓርቢ | | | 2 | |
| | እንትጮ | | | 3 | |
| | ራማ | | | 2 | |
| | ዓድዋ | | | 4 | |
| | ኣኩሱም | | | 4 | |
| | ውቕሮ ማራይ | | | 2 | |
| | ዕዳጋ በርሀ | | | 2 | |

### 1. 2 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -አፀደ ህፃናት

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካል | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | | |
| ሰሜን ምዕራብ | ሰለኽለኻ | | | 2 | |
| | ዛና | | | 1 | |
| | ሽረ እንዳስላሴ | | | 3 | |
| | እንዳባጉና | | | 2 | |
| | ማይ ፀብሪ | | | 2 | |
| | ዓዲዳዕሮ | | | 2 | |
| | ዓዲ ሃገራይ | | | 1 | |
| | ሽራሮ | | | 3 | |
| ምዕራብ | ዓዲ ገሹ | | | 1 | |
| | ሑመራ | | | 4 | |
| | ዳንሻ | | | 2 | |
| | ማይ ካድራ | | | 1 | |
| | ከተማ ንጉስ | | | 2 | |
| | ዓዲ ረመፅ | | | 2 | |
| ድምር | | | | 112 | |

**በዚ መሰረት ኣብ ትግራይ ኣብ ቐፃሊ ሻሙሽተ ዓመት 112 ናይ መዋእለ ህፃናት ፍሰት ኢንቨስትመንት ክህሉ ትፅቢት ይግበር።**

1.3 ኣብ ቀፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -ትምህርቲ(1-12)

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቀፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካላት ት/ቲ | | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | 1-8 | 1-12 | |
| | ኣለማጣ | | | 1 | 2 | |
| ደቡብን | ኮረም | | | 1 | | |
| ደቡብ | መኾኒ | | | 1 | 1 | |
| | ጨርጨር | | | - | - | |
| ም | ኩኩፍቶ | | | - | - | |
| ብ | መስዋእቲ | | | - | - | |
| ራ | ማይጨው | | | 2 | 2 | |
| ቕ | ዓዲ ሽሁ | | | 1 | 1 | |
| ን | ሒዋነ | | | - | - | |
| | ዓዲጉዱም | | | 1 | 2 | |
| | ሳምረ | | | 1 | 1 | |
| | ሃገረሰላም | | | 1 | 2 | |
| መቐለ | መቐለ | | | - | 3 | |
| | ኣጉላዕ | | | 1 | - | |
| ም | ውቕሮ | | | 2 | 2 | |
| | ፍረወይኒ | | | 1 | 2 | |
| ብ | ኣፅቢ | | | 1 | 1 | |
| | ሓውዜን | | | 1 | 2 | |
| ራ | ዕዳጋ ሓሙስ | | | 1 | 1 | |
| | ዓዲ ገራት | | | 1 | 3 | |
| ቕ | ፋፂ | | | 1 | 1 | |
| | ዱሃን | | | 1 | - | |
| | ብዘት | | | - | - | |
| | ነበለት | | | 1 | - | |
| | ቖላ ተንቤን/የጭላ | | | 1 | - | |
| ማ | ዓብይ ዓዲ | | | 1 | 3 | |
| | ዕዳጋ ዓርቢ | | | 1 | - | |
| እ | እንትጮ | | | 1 | 2 | |
| | ራማ | | | 1 | 1 | |
| ከ | ዓድዋ | | | 1 | 3 | |
| | ኣኩሱም | | | 2 | 2 | |
| ል | ውቕሮ ማራይ | | | 1 | 1 | |
| | ዕዳጋ በርሀ | | | 1 | - | |

## 1.4 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -ትምህርቲ(1.12)

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካል | | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | 1-8 | 1-12 | |
| ሰሜን ምዕራብ | ሰለኽለኻ | | | 1 | 1 | |
| | ዛና | | | 1 | - | |
| | ሽረ እንዳስላሴ | | | 2 | 3 | |
| | እንዳባጉና | | | 1 | 1 | |
| | ማይ ፀብሪ | | | 1 | 1 | |
| | ዓዲዳዕሮ | | | 1 | 1 | |
| | ዓዲ ሃገራይ | | | - | - | |
| | ሽራሮ | | | 1 | 2 | |
| ምዕራብ | ዓዲ ገሹ | | | 1 | - | |
| | ሑመራ | | | 2 | 3 | |
| | ዳንሻ | | | 1 | 1 | |
| | ማይ ካድራ | | | 1 | - | |
| | ከተማ ንጉስ | | | 1 | 1 | |
| | ዓዲ ረመፅ | | | 1 | 1 | |
| ድምር | | | | 36 | 38 | |

በዚ መሰረት ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት 37 ካብ 1-8 ክፍሊ 39 ድማ ካብ 1-12 ክፍሊ ብጠቕላላ 74 ፕሮጀክትታት ክህሉ ትፅቢት ይግበር።

## ለ. መፅናዕቲ ጥዕና

ከምቲ ኣብ ትምህርቲ ዝረኣናዮ ዘርፊ ጥዕና እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ሰፊሕ ኢንቨስትመንት ዝጠልብ ዓብላልነት መንግስቲ ዝረኣየሉ ጉዳይ እዩ ዘሎ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 2003 ዓ/ም ካብ ቢሮጥዕና( ኣብ ጊዝያዊ መምርሒ ውልቀ ትካላት ጥዕና) ዝወፀ ሓበሬታ ከምዘማላኽቶ ንኣስታት 4.4 ሚልዮን ህዝቢ ግልጋሎት ጥዕና ዝህባ 14 ናይ መንግስቲ ሆስፒታላት 4 ናይ ውልቀ ኣናኢሽተይ ሆስፒታላት 52 ናይ ውልቀ ክሊኒካት ከባቢ 209 ጣብያታት ጥዕና ከምኡ እውን ልዕሊ 551 ኬላታት ጥዕና ከምዘለዋ ይሕብር።

እዚ መሰረት ገይርና ናይ ውልቀ ኣናእሽተይ ከም ምሉእ ሆስፒታል ሓሲብና እካ እንተሪኢና 22.2 %( 4/18) እዩ ዘሎ።እዚ ቑፅሪ ምስ በዝሒ ተገልጋሊ እንትረአ ዝመጣጠን ኣይኮነን።

ንኣብነት ናይ ዓለም ስታንዳርድ/WHO ኣብ ክልልና ዘሎ ቐረብ ጥዕና ብፍላይ ምስ ሚልኒየም ጎል እንተርኢና ገና ብዙሕ ዝተርፎ እዩ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ንርአ።

**ቐረብ ትካላት ጥዕና ክልል ትግራይ**

| ዓይነት ጥዕና ትካል | በዝሒ | ዘገልግሎ በዝሒ ህዝቢ | WHO standard |
|---|---|---|---|
| ሆስፒተያል | 12 | 1:342,750 | 1=100,000 |
| ጥዕና ማእኸል | 34 | 1:120,971 | 1=25,000 |
| ክሊኒክ | 168 | 1:24,482 | 1=10,000 |
| ጥዕና ኬላ | 163 | 1:25,233 | 1=5,000 |
| ድምር | 377 | | |

ፍልፍል-ትግርይ ፕሮፋይል ጥዕና 1996 ዓ/ም

ኣጠቓሊልካ እንትረአ ዝተመሓየሸ ቐረብ ጥዕና ንምርካብ ካብ መንግስቲ ጥራሕ ተፀቢኻ ክርከብ ኣይኽእልን።

ስለዝኾነ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ነጥብታት መሰረት ገይርካ እንትረአ ተሳትፎ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ኣብ ጥዕና ትኹር ህይብካ ክስራሓሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። እዚ መሰረት ገይርካ ንቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ጥዕና ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት ምግማት ኣየፀግምን።

ስለዝኾነ ኣብ ሕድሕድ ከባቢታት ትግራይ ንቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

2.1 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -ጥዕና

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካላት ት/ቲ | | | | | | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | ክልኒክ | | | ሆስፒታል | | | |
| | | | | ታሕተዋይ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ | ታሕተዋይ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ | |
| ደቡብን ደቡብ ምብራቕን | ኣለማጣ | | | - | 1 | 2 | - | 1 | 2 | |
| | ኮረም | | | - | 1 | 1 | - | - | - | |
| | መኾኒ | | | - | 1 | 1 | - | 1 | | |
| | ጨርጨር | | | - | - | - | - | - | - | |
| | ኩኩፍቶ | | | - | - | - | - | - | - | |
| | መስዋእቲ | | | - | - | - | - | - | - | |
| | ማይጨው | | | - | 1 | 2 | - | 1 | 1 | |
| | ዓዲሽሁ | | | - | - | 1 | - | 1 | 1 | |
| | ሒዋነ | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | ዓዲጉዱም | | | - | 1 | 2 | - | - | - | |
| | ሳምረ | | | - | 1 | 1 | - | 1 | - | |
| | ሃገረሰላም | | | - | 1 | 1 | - | 1 | - | |
| መቐለ | መቐለ | | | - | 3 | 2 | - | 1 | 2 | |
| ምብራቕ | ኣጉላዕ | | | - | - | - | - | - | - | |
| | ውቕሮ | | | - | 2 | 3 | - | 1 | -1 | |
| | ፍረወይኒ | | | - | 1 | 1 | - | - | - | |
| | ኣፅቢ | | | - | 1 | 1 | - | 1 | - | |
| | ሓውዜን | | | - | 1 | 2 | - | 1 | - | |
| | ዕዳገ ሓሙስ | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | ዓዲ ገራት | | | - | 2 | 3 | - | 2 | - | |
| | ፋፂ | | | - | 1 | 1 | - | - | - | |
| | ዱሃን | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | ብዘት | | | - | 1 | | | | | |
| | ነበለት | | | - | - | - | - | - | - | |
| ማእኸል | ቖላ ተንቤን/የጭላ | | | - | 1 | 1 | - | - | - | |
| | ዓብይ ዓዲ | | | - | 2 | 2 | - | 1 | - | |
| | ዕዳጋ ዓርቢ | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | እንትጮ | | | - | 1 | 2 | - | - | - | |
| | ራማ | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | ዓድዋ | | | - | 2 | 2 | - | 1 | - | |
| | ኣኩሱም | | | - | 2 | 2 | - | 1 | 1 | |
| | ውቕሮ ማራይ | | | - | 1 | 1 | - | - | - | |
| | ዕዳጋ በርሀ | | | - | - | 1 | - | - | - | |

## 2.2 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ትፅቢት ዝግበር ፍሰት ኢንቨስትመንት -ጥዕና

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካል | | | | | | መብርሂ/ ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | ክልኒክ | | | ሆስፒታል | | | |
| | | | | ታሕተዋይ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ | 1ይ ደረጃ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ | |
| ሰሜን ምዕራብ | ሰለኽለኻ | | | - | 1 | 1 | - | - | | |
| | ዛና | | | - | 1 | | - | - | | |
| | ሽረ እንዳስላሴ | | | - | 1 | 3 | - | 1 | 1 | |
| | እንዳባጉና | | | - | 1 | 1 | - | 1 | | |
| | ማይ ፀብሪ | | | - | 1 | 1 | | 1 | | |
| | ዓዲዳዕሮ | | | - | - | 1 | - | - | | |
| | ዓዲ ሃገራይ | | | - | - | - | | | | |
| | ሽራሮ | | | - | 1 | 1 | - | 1 | - | |
| ምዕራብ | ዓዲ ገሹ | | | - | - | 1 | | | | |
| | ሑመራ | | | - | - | 2 | - | 1 | 1 | |
| | ዳንሻ | | | - | - | 1 | - | 1 | - | |
| | ማይ ካድራ | | | - | 1 | - | - | - | - | |
| | ከተማ ንጉስ | | | - | - | 1 | - | - | - | |
| | ዓዲ ረመፅ | | | - | - | 1 | - | 1 | - | |
| ድምር | | | | | 30 | 49 | | 22 | 10 | |

እዚ ትንበያ እዚ መሰረት ገይርካ እንትረአ ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ብደረጃ ትግራይ 30 ማእኸላይ ክሊኒክ፣49 ላዕለዋይ ክልኒክ፣22 ማእኸላይ ክልኒክ፣ 10 ላዕለዋይ ሆስፒታል ብጠቕላላ 111 ትካላት ጥዕና ይጠልብ።

## ሐ. መፅናዕቲ ሆቴልን ቱሪዝምን

ኣብ ትግራይ ስራሕቲ ሆቴልን ቱሪዝምን ገና ኣብ ምጅማር ዝርከብ ኢንዳስትሪ ስለዝኾነ ሰፊሕ ዕድል ኢንቨስትመንት ኮይኑ ከምዝቕፅል ዘተሓትት ጉዳይ ኣይኮነን። እዚ መፅናዕቲ ዝረኣዮም ጉዳያት ብርክት ዝበሉ እካ እንተኾኑ ክልተ መሰረታዊ ናይቲ ቑልፊ ምኽንያታት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

### 1.ዕቤት ኢንዳስትሪ

ኢንዳስትሪ እንዳዓበየ ኣብዝኸደሉ እዋን ተጠቃሚ ግልጋሎት ምዕባዩ ግድን ስለዝኾነ ደረጃን በዝሕን ሆቴላትን ክዓቢ ግድን ይገብሮ። ሃገርና ገና ኣብ ምዕባይ እትርከብ ሃገር ከምምኻና መጠን ብኣንፃር ጊዜ ክነውሕን ክሓፅርን ይኽእል እምበር ካብ ሕርሻ ዝመርሆ ክፍለ ቑጠባ ናብ ኢንዳስትሪ ዝመርሖ ክፍለ ቑጠባ ምቕያራ ዘይተርፍ ጉዳይ እዩ።

### 2.ዕቤት ቑጠባን ዘይተማእኸለ ምምሕዳርን

### 2.1 ዕቤት ቑጠባ

ዕቤት ኢኮኖሚ ሃገርናን ክልልናን በቢዓመቱ ብ11 % እንዳዓበየ ዝመፅእ ዘሎ ምኻኑ ንማንም ግልፂ እዩ።እዚ ዕቤት እዚ ድማ ብፍላይ ኣፍቲ 85% ክፋል ሕብረተሰብ ዝሓዘ ገባር ዝመፅእ ዘሎ ዕቤት ስለዝኾነ በቢከባቢኡ ዝጣየሻ ትካላት ሆቴል እቲ 80% ምህርተን ወይ ግልጋሎተን ብናይቲ ከባቢ ህዝቢ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እዩ ተባሂሉ ይሕሰብ።

### 2.2 ዘይተማእኸለ ምምሕዳር

ሃገርና ዘይተማእኸለ ምምሕዳር ካብተተኣታቱ ብርክት ዝበሉ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ማለት ድማ በቢዘርፉ(ቢሮ ት/ቲ፤ጥዕና፤ሕርሻ) ዝወሀቡ ዝወሃቡ ስልጠናታት ኣብ ቐረብኡ ንምክያድ ተሓሲቡ ብርክት ዝበሉ ከም ናይ ቴሌኮሚኒኬሽን መሰረተ ልምዓት ይዝርግሑ ስለዘለው ሆቴልን ቱሪዝምን ዕዳጋ ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ትርጉም ዓብይ እዩ ።

ስለዝኾነ እዞም ዝቐረቡ ክልተ ጉዳያት ማእኸል ገይርና እካ እንተርኢናዮ ኣገዳስነት ሆቴል ኣብ ሕድሕድ ወረዳታት ዝለዓለ ምኻኑ ኣይተርፍን። በዚ መሰረት ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ሆቴልን ቱሪዝምን ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት ምግማት ኣየፀግምን። ካብ ቱሪዝም ዝተረኸበ ሓበሬታ ከምዘማላኽቶ ኣብ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ኣፍልጦኾኾብ ዝረኸባ ሆቴላት 10 ጥራሕ እንተኾና ንሳተን እውን 8 ኣብ መቐለ 2 ድማ ኣብ ኣኹሱም ዝርከባ እየን። ስለዝኾነ እውን እዚኦምን ካልኦትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብዚ ዘርፊ ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመታት ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

## 3.1 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ብሆቴልን ቱሪዝምን ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዎ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካላት ት/ቲ | | | | | | መብርሂ/ ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | ደረጃ ኾኹብ | | | መዘናግዕን መናፈሻን | | | |
| | | | | * | ** | ***-5* | ታሕተዋይ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ/ Lodges & Resorts | |
| ደቡብን ደቡብ ምብራቕን | ኣለማጣ | | | | 3 | 2 | - | 1 | 2 | |
| | ኮረም | | | - | 1 | 1 | - | - | 1/ሓሸንገ ከባቢ | |
| | መኾኒ | | | - | 1 | 1 | 1 | 1 | 1 | |
| | ጨርጨር | | | - | - | - | - | 1 | - | |
| | ኩኩፍቶ | | | - | - | - | - | 1 | - | |
| | መስዋእቲ | | | 1 | - | - | - | 1 | - | |
| | ማይጨው | | | - | 1 | 2 | - | 2 | 1 | |
| | ዓዲሽሁ | | | 1 | 1 | - | - | 2 | - | |
| | ሒዋነ | | | 1 | 1 | - | - | 1 | - | |
| | ዓዲጉዱም | | | 1 | 2 | 1 | - | 2 | - | |
| | ሳምረ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| | ሃገረሰላም | | | 1 | 2 | 1 | - | 1 | 1 | |
| | መቐለ | | | - | 1 | 1 | - | 4 | 3 | |
| | ኣጉላዕ | | | 1 | - | - | - | 2 | - | |
| | ውቕሮ | | | - | 2 | 3 | - | 1 | 1 | |
| | ፍረወይኒ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| | ኣፅቢ | | | 1 | 1 | - | - | 1 | - | |
| | ሓውዜን | | | - | 1 | 2 | - | 1 | 1 | |
| | ዕዳገ ሓሙስ | | | 1 | - | - | - | 2 | - | |
| | ዓዲ ገራት | | | - | 2 | 3 | - | 2 | 1 | |
| | ፋፂ | | | 1 | 1 | - | - | 2 | - | |
| | ዱሃን | | | 1 | - | - | - | 2 | - | |
| | ብዘት | | | 1 | 1 | - | - | - | 1 | |
| | ነበለት | | | 1 | - | - | - | 2 | - | |
| | ቖላ ተንቤን/የጭላ | | | 1 | 1 | - | - | 2 | 1/ከባቢ ተከዘ | |
| | ዓብይ ዓዲ | | | 1 | 1 | 2 | - | 2 | 1 | |
| | ዕዳጋ ዓርቢ | | | 1 | 1 | - | - | 2 | - | |
| | እንትጮ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| | ራማ | | | 1 | 1 | - | - | - | - | |
| | ዓድዋ | | | 1 | 2 | 2 | - | 2 | 1/ከባቢ የሓ | |
| | ኣኩሱም | | | - | 2 | 2 | - | 1 | 1 | |
| | ውቕሮ ማራይ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| | ዕዳጋ በርሀ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |

## 3.2 ኣብ ቐፃሊ ሓሙሽተ ዓመት(2003-2007) ብሆቴልን ቱሪዝምን ክህሉ ዝኽእል ፍሰት ኢንቨስትመንት

| ዞባ | ከተማ | ሕዚ ዘለዋ በዝሒ ትካላት | | ንቐፃሊ ዘድሊ በዝሒ ትካል | | | | | | መብርሂ/ዘድሊ ስፍሓት መሬት |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ኣብ ህንፀት | ኣብ ግ/ት | ደረጃ ኾኾብ | | | መዘናግዕን መናፈሻን | | | |
| | | | | * | ** | *** -5* | ታሕተዋይ | ማእኸላይ | ላዕለዋይ/ Lodges & Resorts | |
| ሰሜን ምዕራብ | ሰለኽለኻ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | 1 | |
| | ዛና | | | 1 | 1 | - | - | 2 | | |
| | ሽረ እንዳስላሴ | | | - | 1 | 3 | - | 3 | 2 | |
| | እንዳባጉና | | | - | 1 | 1 | - | 1 | | |
| | ማይ ፀብሪ | | | - | 1 | 1 | | 1 | | |
| | ዓዲዳዕሮ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | | |
| | ዓዲ ሃገራይ | | | 1 | - | - | - | 1 | | |
| | ሽራሮ | | | - | 1 | 1 | - | 1 | - | |
| ምዕራብ | ዓዲ ገሹ | | | 1 | - | 1 | - | - | 1 | |
| | ሑመራ | | | - | - | 3 | - | 2 | 4 | |
| | ዳንሻ | | | 1 | 1 | - | - | 2 | - | |
| | ማይ ካድራ | | | 1 | - | - | - | 2 | - | |
| | ከተማ ንጉስ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| | ዓዲ ረመፅ | | | 1 | 1 | 1 | - | 2 | - | |
| ድምር | | | | 25 | 30 | 29 | | 56 | 16 | |

እዚ ዋላእካ ተወሳኺ ዓሙቕ መፅናዕቲ ዘድልዮ እንተኾነ ብትግራይ ደረጃ 25 ብዓል ሓደ ኾኾብ፣30 ብዓል ክልተ ኾኾብ፣29 ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ኾኸብ ፣56 ማእኸላይ መናፈሻ፣16 ድማ ላዕለዋይ ወይ ድማ ሎጅን ሪዞልትን ብጠቕላላ 156 ፕሮጀክትታት ትፅቢት ይግበር፡፡